ቤት ፅሕፈት ግልጋሎት ማይ ከተማ መቐለ ን 2008 ዓ/ም ዘገልግል ናይ ሰራሕተኛ ደምቢ ክዳንን ጫማን ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደሊ ሕጋዊያን ነጋዶ ንክትወዳደሩ ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 21, 2008 (ልዕሊ 11 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 3, 2008 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:8000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 3, 2008 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ጨርቃ መርቂን ውፅኢት ቆርበትን/

1 በቲ ዘፈረ ዝተሓደሰ ናይ ዘመኑ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም

2 በቲ ሓደሽ መቅረባይነት ምስክር ወረቀት ከቅርብ ዝክእል

3 ናይ ግብሪ ከፋላይ መለለይ ቁፅሪ (TIN NO) መረዳእታ ክተቅርቡ እትክእሉ

3 አብ ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩምን ናይ መወደእታ ወርሒ ሒሳብ ዝገበርክምሉ መረዳእታ ክተቅርቡ ትኽእሉ

4 ተጫረቲ በቲ ዝቀረበ ዝርዝር መዓቀኒ (ስፐስፊኬሽን) መሊኡ ዘቅርብ ክከውን አለዎ መቅረብቲ ካብ 20 ታሕሳስ 2008 ዓ/ም ክሳብ 3 ጥሪ 2008 ዓ/ም ዘይምለስ 50 ቅርሺ ከፊሎም ሰነድ ጨረታ ብምዉሳድ አብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ከእትዉ ይክእሉ እየም

5 መክበሪ ጨረታ 8000 (ሸሞንተ ሽሕ ቅርሺ) ከምቲ ናይ ተጫራታይ ድሌት ብ CPO ብጥረ ገንዘብ ወይ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ክፍሊት መዘዚ ቼክ ወይ ናይ ባንኪ ዉሕስና ቅድሚ እቲ ፖስታ ምክፋቱ ከትሕዙ አለዎም

6 ጨረታ ዝዕሸገሉ 3 ጥሪ 2008 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ኻይኑ በቲ ዕለት ሰዓት 4:30 ተጫረቲ ወይም ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከበሉ ይክፈት ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም እንተዘይተረከቡ ነቲ ጨረታ ካብ ምክፋት አይተአጓጎልን

7 ጨረታ ፀኒዑ ዝፀንሐሉ ግዘ እቲ ጨረታ ካብ ዝተከፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን 45 ናይ ስራሕ መዓልታት እዩ

8 ሰነድ ጨረታ ዋናን ቅዳሕን ነንበይኑ ተዓሺጉ ክቀርብ አለዎ

9 እቲ ቤት ፅሕፈት ነቲ ጨረታ ብምሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

10 ተጫረቲ እቲ ዘቀረበዎ ዋጋ ቤት ፅሕፈት ኣብ ዘዳለዎ ሰነድ ደሌት መግለፂ ጥራሕ ክመልእዎ አለዎም

11 ነብስ ወከፍ ገፅ ማሕተምን ፊርማን ናይቲ ትካልኩም ክዓርፎ አለዎ

12 አድራሻ ግልጋሎት ማይ ከተማ መቐለ ከይዲ ስራሕን ዕደጋ ፋይናንስን ምምሕዳርን ንብረትን
ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 03 4440 73 35 ወይ ድማ 03 4440 73 36 ደዊልካ ምርካብ ይከኣል እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle